VAXHOLMS STAD

# ሓበሬታ ንወለዲ ኣብ ምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም



ወለዲ፡ ኣብ ህይወት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ህጻን እቶም ኣገደስቲ ዝኾኑ ሰባት ኮይኖም፡ ንኣካላውን ስነ-ኣእምሮኣውን ኲነታት ህጻን ክጸልዉ ይኽእሉ እዮም።

ምስ ወለዲ ጽቡቕ ዝምድና ምህላው፡ ሓደ ካብቶም ብቐዳምነት ዝስርዑ ኣውሓስቲ ድሕነት ጥዕና ህጻናት ዝኾኑ ረቛሒታት ከምዝኾነ፡ መጽናዕታት ይሕብሩ።

ምስ ወላዲ ምዃን ዝተተሓሓዘ ሓገዛት ምስዘድልየካ፡ ብምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም ዝግበረልካ ነጻ ሓገዝ ኣሎ።

ቅሱናት ወለዲ፡ ቅሱናት ህጻናት የፍርዩ። ከም ምምሕዳር ከተማ መጠን፡ እቲ ንወለዲ እንልግሶ ድጋፍ፡ ንጥዕናን ምዕባለን ህጻናት ዝምልከት ሓበሬታ ምሃብ፡ ኣብ መዓልታዊ ህይወት ንዘጋጥሙ ብድሆታት ንምፍታሕ ዝሕግዝ ሜላታት ድጋፍን ምሃብ ከምኡ ውን ማሕበራዊ ርኽክብ ወለዲ ከምዝጠናኸር ምግባር፡ ዘካተተ ክኸውን ይኽእል።

ኣብ ምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም፡ ሓገዝን ሓበሬታን ኣብ ምብርካትን፡ ግቡእ ሓገዝ ንምርካብ ንመን ክትውከስ ከምዘለካ ኣብ ምሕባር ዝነጥፉ ብርክት ዝበሉ ተቕዋማት ኣለዉ።

## ማእከል-ስድራቤታት

ኣብዚ ማእከል`ዚ ንወለዲ፡ ኣቦታት ከምኡ ውን ኣሕዋት ዝሓቑፍ ጉጅሌታት ኣለዉ። ኣብ መንጎ ወለድን ህጻናትን ዘሎ ርኽክብ ከምዝጠናኸር ብምግባር ከኣ፡ ምዕባለ ህጻናትን ንምርግጋጽ ይጽዕዱ። ወለዲ ማእከል ዝገበሩ ብነጻ ዝወሃቡ ሰሚናራት ውን ንዕድም

ተወሳኺ ሓበሬታ www.vaxholm.se.

## ወላዲ ምስ ምኽኗን ዝተተሓሓዙ ትምህርታት

**ትኹረት ንኹሎም ህጻናት**

ነቶም ካብ 3 ክሳብ 12 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለዎም ወለዲ ዝቐንዐ ምትእኽኻብ።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍላ ትምህርቲ፡ንተራ-ወላዲ ዝምልከት፡ ክትዕ፡ ፊልሚታትን ልምምዳትን ዝካተተ፡ እንተወሓደ ኣርባዕተ ግዜ ብጉጅለ ዝካየድ ርክባት ነኣንግድ። ኣብቲ ርክባት፡ ከም ኣብነት ኣብዚ ዝስዕብ ኲነታት ከመይ ክትገብር ኣለካ ዝብል ክትዓት ይለዓል፡

- ውላድካ ብዛዕባ ነብሱ ዘለዎ ስምዒት ወይ ንያት ከምዝዓዝዝ ምግባር
- ኣብ ክሊ ስድራቤትን ካብኡ ወጻእን ዘሎ ዝምድና ታት ከምዝሕይል ምግባር
- ግጭት ከምዝውገድ ምግባር
- ሕልኽልኽ ዝበሉ ኲነታት ምእላይ

ተወሳኺ ሓበሬታ www.vaxholm.se.



**ፍቱውን መትከኽን ኮተቴ**

ነቶም ካብ 12 ክሳብ 18 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለዎም ወለዲ ዝቐንዐ ምትእኽኻብ።

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ክፍላ ትምህርቲ፡ ክትዓት፡ ኣእምሮ ኮተቴ ብኸመይ ከምዝዓዪ ዝድህስስ ኣስተምህሮን ከምኡ ውን ነቶም ምስ ኮተቴ ደቆም ውሁድ ውስስእ ክህልዎም ዝደልዩ ወለዲ ዝሕግዝ ጭቡጥ ሜላታትን ዘካተ ኣርባዕተ ርክባት ነኣንግድ። እቲ ዕላማ፡ ነቶም ዋሓስ ስድራቤታት ዝኾኑ ረቋሒታት ንምሕያልን ሽግራት ንምክልኻልን እዩ።

ኣብቲ ርክባት እዚ ዝስዕብን ካልእን ከም መዘተዪ ይለዓል፡

- ዕድመ ኮተቴ፡ ሓድሽ መድረኽ ምዕባለን ተዛምዶን
- ረቋሒታት ስግኣትን ድሕነትን
- ጸቕጢ መዘናን ምጅማር "ኣነ" ኢልካ ምዝራብን
- መሰናኸላትን ብድሆታትን
- ከቢድ መዛረቢ ኣርእስታትን ነብስኻ ምሕላውን

ተወሳኺ ሓበሬታ www.vaxholm.se.



## ማእከል-ጥዕና ህጻናትን፡ ሓካይም-ወለዲ

- ቍጽጽር ጥዕናን ምኽርን
- ኣብ መስርሕ ወላዲ ምኧን ዘድሊ ሓገዝን ሓበሬታን የበርክት
- ኣብ ህጻናን ንዝቕልቀል ስነ-ኣእምሮኣውን ኣካላውን ዘይምጥዓይ ይምርምርን ይከላኸልን
- ኣብ ቀረባ ዙርያን ኣብ ክሊ ሕብረተ-ሰብን ዝኸሰቱ ንህጻናት ዝምልከቱ ስግኣታት የፍልጥን ይከላኸልን

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ 08-541 718 20 ወይ
08-541 718 22.
www.famlak.se/vaxholm.

## ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት

ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም ንለውጢ ዝዕድሙ ጻዕሪታት ኣብ ምክያድን ንጥዕና ዝፈታትኑ ኩነታት ኣብ ምክልኻልን ይዓዪ። ከም ኣብነት ነዚ ዝስዕብ ውን የእንግድ፡

- ምኽሪ-ወለዲ
- ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ዝርርብ
- ማእከል ምኽሪ ንመንእሰያት
- ምኽርን ድጋፍ-ዝርርብን
- ድጋፍ ንግዳያት ገበን፡ መሰኻኽርም ገበነኛታትን
- ንኢኮኖምን ዕዳን ዝምልከት ምኽሪ

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ 08-541 708 00 ናብ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ከሕልፉኻ ሕተት

## ድጋፍ ንመንእሰያት

እዚ ድጋፍ ኣካል ናይቲ ብምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም ዝወሃብ ክፉት ኣገልግሎት ጥዕና እዩ ኣብዚ ማእከል፡ ኣብ መዳያት ኣተባባዒ-ዝርርብ፡ ምክልኻል ቍጥዐ፡ ምግዳፍ ወልዲ ሓሺሽን ካናቢስን ስልጠናታት ዝወሰዱ፡ ክልተ ምሁራት ማሕበረ-ቁጠባ ኣለዉ።

መንእሰያት ብመገዲ ክፉት ኣገልግሎት-ጥዕና 5 ብመልክዕ ዝርርብ ዝካየድ ሓገዝ ክረኽቡ ይኽእሉ። ምስ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ጉዳያት ምርኻብ ኣየድልዮምን እዩ። ድጋፍ-ንመንእሰያት ነቶም ምስ ዕድመ-ኮተቴ ዝተተሓሓዙ ጉዳያት ብዝምልከት ንወለዲ ምኽሪ ንምሃብ ዝዓለመ ዝርርባት ይዕድም እዩ። ብመልክዕ ጉጅለ ዝካየድ ሳዕስዒት ንጥዕና ከምኡ ውን ውሽጣዊ ዓቕምኻ ዝነጣጥፍ ዝተሰምዩ ጥዕና ዘጎላብቱ ጻዕሪታት ይካየዱ እዮም።

ተወሳኺ ሓበሬታ፡ 08-541 708 00 ናብ ድጋፍ-ንመንእሰያት ከሕልፉኻ ሕተት



## ድጋፍ ትምህርትን ወለድን

እዚ ድጋፍ ኣካል ናይቲ ብምምሕዳር ከተማ ቫክስሆልም ዝወሃብ ክፉት ኣገልግሎት ጥዕና እዩ ኣብዚ ማእከል፣ ክኢላታት ዝርርባዊ-ፍወሳ ስድራቤት ዝኾኑ ንህጻናትን ወለድን ኣብ ክሊ ስድራቤትን ቤት-ትምህርትን ናይ ምሕጋዝ ነዊሕ ተመኩሮ ዘለዎም ክልተ ኣለይቲ-ስድራቤታዊ ጸገማት ኣለዉ። ምሉእነት መሰረት ዝገበረ ርድኢት መሰረት ጌሮም ይዓቅዩ።እዚ ማለት ከኣ፣ ኣባላት ናይ ሓንቲ ስድራቤት ክፋላት ናይ ሓደ ዓቢ ነገር ጌሮም ብምርኣይ፣ ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ንኩነታት ስድራ ክጸሉን ብኡ ውን ከምዝጽሎን ጌርካ ይርአ። ነቲ ዝህብዎ ኣገልግሎት ካብ ምጽብጻብ ነጻ ኮይኖም፣ ኣብ ኩሉ ስርሓቶም ውን ብሕጊ ዝተዋሕሰ ናይ ስትረት ግዴታ ኣለዎ።  ከምዚ ዓይነት ሓገዝ ንምርካብ፣ ምስ ቤት-ጽሕፈት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ምርኻብ ኣየድልየካን እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ፣ 08-541 708 00 ብምድዋል፣ናብ ድጋፍ ትምህርትን ወለድን ክሕልፉኻ ሕተቶም።

## ክፉት መውዓሊ-ህጻናት

ክፉት መውዓሊ-ህጻናት ኣብ ከተማ ቫክስሆልም፣

- ተኣኪብካ ዝካየድ ናይ ደርፊ፣ ጸወታን ፈጠራን ንጥ ፈታት የእንግድ
- ወለዲ ባዕሎም ዝወስድዎ ተበግሶታት የተባብዕ
- ብመገዲ ናይቲ ብውልቂ ዝካየድ ዝርርባት ንጸገማት ይሰምዕን ይሕግዝን
- ኣብ መንጎ ስድራቤታት ዝፍጠር ርክባት ክዓዝዝ ይጽውዕ ከምኡ ውን ብዛዕባ ማእከላት መውዓሊ-ህጻናት ናይቲ ምምሕዳር ከተማ ይሕብር
- ቀዳማይ ረድኤት ንህጻናት

ንክፉት ሰዓታት ስራሕን ቦታን ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ፣www.vaxholm.se.

## ክፉት መውዓሊ-ህጻናት ኣብ ቤተ-ክርስትያን ሸወደን

ቤተ-ክርስትያን ሸወደን፣ ነቶም ካብ 0 ክሳብ 6 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑ ዘለዎም ወለድን ካልኦት ኣባጽሕን ናይ ጸወታ፣ ስራሕ ካይላ፣ ደርፊ፣ ምርኻብ፣ ንሓድሕድካ ከምኡ ውን ምስ ቤተ-ክርስትያን ምልላይን ዘካተተ ንጥፈታት የኣንግድ። ብውልቂ ናይ ምዝርራብ ዕድልን ናይ ህጻናት ማሳጅን ውን የእንግድ እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ፣ www.svenskakyrkan.se/vaxholm.



ንድፍን ሕትመትን፡ Luxlucid ታሕሳስ 2023

www.vaxholm.se

